# ኤርትራዊ እንታይ ይደሊ

ብበላይ መስፍን

20.11.2017

ኤርትራዊ ዝደሊ
ንዘሎ ሽግር ኣለልዩ ካኣሊ
ከምልስ ንዝጠፍኦ ባህሊ
ሰላም ምስ ራህዋ ክህሊ
ኣብ ዓዱ ክነብር ብዕሊ

ህዝብና ፍቕሪ'ዩ ሕመረቱ
ስምምዕ ኢዩ መሰረቱ
ተቓላሳይ ካኣ'ዩ ብፍጥረቱ
ዓወት'ዩ ካኣ ኩልሻዕ ናቱ
ድላዩ ከይገበረ ዕረፍቲ ዘይፈቱ

ስለ'ዚ ይቕጽል ኣሎ
እናገበረ ዘዝኸእሎ
ክሳዕ ዘረክብ መድሎ
ኣብ መወዳእታ ሓዲኡ ኣሎ
ሕጊ ክገብር'ዩ ህዝቢ ዝብሎ

ሃገር እኮ ኣምጺኡዋ'ዩ ብደሙ
ብሕሱማት'ዩ ሰላሙ ሃዲሙ
ሕጂ ውን ምኣስ ደኺሙ
ሒኸኡ ይብል'ዩ ዘሎ ብዓቕሙ
ክዕወት ካኣ ኢዩ ከም ቀደሙ

ዝንዛሕ ዘሎ ፍልልያት
ፍለጥዎ ምኳኑ ናይ ንዱያት
ህዝብና ዘይነጻጽል ኣለዎ ባህርያት
ሽግሩ ይራኣዮ ኣሎ ከም ምስትያት
ክሰዕር'ዩ በቲ ብሓቦ ብንያት

ክፈሽሉ ኢዮም መደናገርቲ
ናይ ወጻዒና መሳሰይቲ
ብውጹዓት ዘይደንገጽቲ
ብንብዓት ህዝቢ መሻካዕለልቲ
ሃገር እናጠፍኤት መጣቓዕቲ

ሳኣን ኣፍልጦኦም
ኣይፈልጡን'ዮም ረብሖኦም

ብኡ ኢዮም ዝጽይቑ ታሪኾም
ጌግኦም ዘይርሙ ኑብሶም ሓኺኾም
ክሰግዱሉ ዝነብሩ ንወጻዒኦም

ዝምርሑ ብሃውሪ
ድንቁርንኦም ነባሪ
ዘይፈልጡዋ ንኽብሪ
ኣንጻር ፍትሒ ዝምክቱ ብትሪ
ዝናፍቑ ንመህረሚቶም በትሪ

ጸሎት ንግብረሎም
እዝጊሄር እንተቕለለሎም
ወጽዓ ህዝቢ እንተብርሃሎም
እዚ ሕሱም ስርዓት ከይቀተሎም
ንፍትሒ ደው እንተበሎም

ሽዑ ህዝባዊ ክሽውን'ዩ ቃልስና
ሓቢርና ክንገጥሞ ኢና ንጸላኢና
ከነድምዓሉ ካኣ ኢና ታኣኪብና
ግን ሕጂ ትኹን ጨሪሱ ከይወዳእና
ምቕልጣፍ የድሊ ኣብ ጣዕሳ ከይወደቕና

እቶም ብቶንኮል ዘብሉና ኮለል
ሽርሖም ሽዑ ኢዩ ዝብለል
ክሳራሰር'ዩ እቲ ዘይሕለል
ዓዱ ክምለስ'ዩ ህዝብና ብሰለል
ቅሳነት ክሰፍን'ዩ ድሕሪ'ዚ ኩሉ ኮለል

ንቕድሚት ጥራይ ተሰፋ ዘይምቕራጽ
ቃልሲ ካኣ ዘይምቁራጽ
ምስ ትዕግስቲ ብዘይ ምርባጽ
ምፍላጥ የድሊ ዘስዕቦ ተርባጽ
ጊዜ ኣሎ ነዚ ጨካን ዝካኣለሉ ምቅባጽ

ናይ ቃልሲ ጉዕዞ ይምህር ኩሉ
ንዝሓለፍናዮ ኣስተብህሉሉ
ሎሚ ህዝብና ኩሉ ኣስተብሂሉ
ይጥምቶም ኣሎ ንዝብድሉ
ክምህሮም'ውን ኢዩ ንዘሸካዕልሉ

ክብርን ዝኽርን ንሰውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና